ብዕላማ ሕነ ዝፈዲ
ኣይጋገይን መንገዲ
ሐላዊ ኣለዋ እዛ ዓዲ፣

ንህዝቢ ኤርትራ ንምምብርካኽ ዝጎዩ ዝጎያ
ምስ ኣምሐራ ተጋሩ ኣይሕሸና ምስ ኦሮምያ
ኢትዮጵያዊያን ሰላም ሃብዎ ንህዝቢ ኤርትረያ
ናባኹም ክትጽንበር ኣይኮነትን ብሊጻት ዝሃብናያ፣

ናይ ጃንዳ ህግደፍ ድራማ
ን2019 ብሽምዚ ክዓማ
ልሳኑ ወያነ ወያነ ደጋጊማ፥

መንዩ ኣብ ሕልሚ ዝነብር
ፍትሒ ይንገስ ዝበለ ዶ ቲ ዝግብር
ከም ጣኦት ንውልቀ መላኺ ዘኽብር;;;

ኤርትራ ንኤርትራዊያን ብግብሪ;;;
ለበዋ ንተቀበልቲ ሕድሪ;;;
ካብ ራስ ቁሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ;;;
ንመኣዲ ሽምንተ ምስ ቀይሕ ባሕራ;;;

ኣስላማይ ምስ ክስታናይ;;;

ወዶም ዃሎም ደቂ ኤረይ;;;
ደቂ ሐማሴን ዝበሉ ሪመይ;;;
ደቂ ኣከለጉዛይ ዝበሉ ሪመይ;;;
ደቂ ሰንሒት ዝበሉ ሪመይ;;;
ንኤርትራ እዩ ዝፈሰሰ ደመይ;;;

ደቂ ሰራየ ዝበሉ ሪመይ;;;
ደቂ ሳሕል ዝበሉ ሪመይ;;;
ደቂ ጋሽ ባርካ ዝበሉ ሪመይ;;;
ደቂ ደንካልያ ዝበሉ ሪመይ;;;
ንሃገረይ ኣሞራ ይብላዓዮ ስጋይ;;;

ንኤርትራ ይሰበር ዓጽመይ;;;
ኣብ ሐወልቲ ሰንድዎ ታሪኸይ;;;
ንኤርትራ ከፊለ ክብር ሂወተይ;;;
ሐደራኹም ብድሕረይ,;;;
ኣሕሊፍኩም ከይትብዎ ንኤረይ፥;;;

እዚ እዩ ናይ ሰማእታትና ለበዋ
ህግደፍ ይዋጥዩ ይዋጥያ ኣለዋ
ኣርዮስ ንዓዲ ጀጋኑ በኪልዋ;;;



*ናይ ዓሳ ተመን ኣብ ሳሕል ኮብራ*
*ንሃገርና ኤርትራ ቀንጢጥዎ ክብራ*
*ንህዝባ ኣብሪሱ ምስ ኢትዮጵያ ክድምራ*
*ህግደፋዊያን ከም ወትሩ ኩዳ ጨፈራ*
*ኣብ መጨረሻ ከምዚ ይኸውን ስብራ*
*ጭርሖኦም መቀለ በሊጻታ ነስመራ;;;*

*(ኣሕ ኣሕ ኣሕ እወ ዶ ክብል ኣታ)*
*ንተዳናገጽቲ ጃንዳ ህግደፍ የለን ቦታ*
*ኤርትራ ንኤርትራዊያን ሕጂዩ ሰዓታ*
*ኣብ 2019 ናይ ጃንዳ መደምደምታ፣*

*ህግደፋዊያን ጵንበሉ በሉ በላ*
*ድሕሪ ስዕረት ጉጅለ ድራኩላ*
*ፍለጡ ፍለጣ ፍርዲ ከም ዘላ*
*ንጠላምት እዋሐስ ኣግብእ ዘይብላ*
*መድሕን ኣይከውንን ኩዳ ደበላ;;;*

ዓወት ነቲ ደም ዝነበዐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ'ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና'ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን'ካብ ዉሽጢ ሑሩር'ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።